الحركة الشعبية الإرترية
ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ
Eritrean People's Movement

መግለጺ ደገፍ ንቕልዕቲ መልእኽቲ ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ኤ.ህ.ም

ኣብ ኣውስትራሊያ ንርከብ ኣባላት ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ብዕለት 24/10/2009 ኣብ ዝገበርናዮ ኩሉ ኣባል ኣብ ዝተረኽበሉ ነዊሕ ጊዜ ዝወሰደ ኣኼባ ብዛዕባ'ቲ ብኣባላት ማእከላይ ባይቶ ኤ.ህ.ም ዝወጸ ኣገዳሲ መግለጺ ብዕቱብ ድሕሪ ምዝታይን ተወሳኺ ብዝረኸብናዮ ሓበሬታን መሰረት እቲ ኣብ መንጎ ሰለስተ ውድባት ዝግበር ዘሎ መስርሕ ሓድነት ብወገን ውድብና ኣገባብ መስርሕ ሓድነት ዝሰሓተ ኮይኑ ሰለዝረኸብናዮ ነቲ ብኣባላት ማእከላይ ባይቶ ኤ.ህ.ም ዝወጸ መግለጺ ክእረም ዝግባኦ ኣገባብ ብሙሉእ ድምጺ ከምዝደገፍናዮ ንገልጽ ።

ይኹን እምበር ንሕና መሰረታት ኤ.ህ.ም ጨንፈር እውስትራሊያ ብዛዕባ እቲ ዝካየድ ዘሎ ሓድነት ሰለስተ ሰልፍታት ብዝምልከት ውድብና ብመትከል ዝኣምነሉን ብሙሉእ ዓቕሙ ዝጽዕረሉን ከይተሓለለ ዝሰርሓሉን ስለዝኾነን ሓድነት ውሑዳት ሰልፍታት ጥራይ ዘይኮነስ ምስ ኩሎም ዝተወደቡ ፖለቲካውን ማህበራውን ሓይልታት ክግበር ከምዘለዎ ስለዝኣምንን ኣብቲ ዝግበር ዘሎ መስርሕ ሓድነት ተቓውሞ ከምዘይብልና ብተወሳኺ ክንሕብር ንፈቱ።

ዓወት ወይ ሞት!

ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቕስቓስ ጨንፈር ኣውስትራሊያ

24/10/2009